# ናጽነት፥ እወ! ብስራሕ ንምክት፥ ንግስግስ !

ናጽነት፡ እወ ናጽነት

መግለጺ መንነት

ፈውሲ ናይ ቅልውላው ዕርበት

ናይ ሕልና ዕግበት

ዘልኣለማዊ ክብረት

ናይ ወለዶ ቕሳነት

ናይ ምጣነ ሃብቲ፡ ፖለቲካ፡ ናይ ባህሊ ሓርነት

ዓለም ካብ ተሻሩ ፍትሒ ካብ ተስኣነ

ምምሕዳር ኦባማ ከም ቡሽ ካብ ጠነነ

ኤውሮጳዊ ሕብረት ወትሩ ካብ ደነነ

ባይቶ ንጸጥታ ሽርሒ ካብ ወሰነ

ሕቡራት መንግስታት ዳግም ካብ ወየነ

ኣፍሪቃዊ ሕብረት መጋብኣያ ካብ ኮነ

ሓንቲ'ያ ምር'ጫና ምምካት ፈተነ

ብስራሕ ምግስጋስ ንምፍሻል ዝኾነ

ናጽነት፡ እወ ናጽነት…

እስላማይ ክርስትያናይ ፍቕሪ ካብ 'ደልደሉ

ትሽዓተ ብሔራት ጽምብል ካብ ወዓሉ

ሽዱሽተ ዞባታት ማዕረ ካብ ማዕበሉ

ገጠራት ብናብራ ስልጥን ካብ ዘበሉ

“ኣነስ ደይ ከምዚኣ’የ ደልየ” ሎሚውን ካብ በሉ
ንሱ ‘ዩ ናጽነት ሰብና እተሓርመሉ
ኣማኢት ዓመታት ግዳይ ዝኾነሉ
መዋእል ዘመናት እተሳቐየሉ
ናጽነት፡ እወ ናጽነት…

ዋርሳይ ይከኣሎ ወፍሪ ካብ ወጠነ
ገጠራት ክስልጥን ንቕሎ ካብ ሰሰነ
ቱሪዝም ዕደና ምሕራስ ካብ ረዘነ
ገባር ጥዕንኡ ውሑስ ካብ ዝኾነ
ሞት ቆልዑ ኣዴታት ዛጊት ካብ መኸነ
ምድራብ መኸተ ህዝቢ ካብ ወሰነ
ንውሕስነት መግቢ ዓቕሚ ካብ ደበነ
ትምህርቲ ንምስፋሕ ምህሮ ካብ ተወጠነ
ኣብ ኩሉ ከነርክብ ሰላም ካብ ሰፈነ
ዓቕሚ ሰብ ንምምዕባል ኩሉ ካብ ኣመነ
ብስራሕ ንምክት ንግስግስ ሎሚ ቕነ
ናጽነት፡ እወ ናጽነት…

ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንስውኣትና !
ወትሩ ዓወት ን’ሓፋሽ !

ኣማኑኤል ተስፋማርያም
ጽምብል በዓል ናጽነት 2010
ሳን ሆዘ፡ ካሊፎርንያ